# ንዓወት እትገብሮ አበርክቶ

## ናይ ቋንቋ ክእለታት
ብቀጻልነት ናይ ቋንቋ ጀርመን ክእለትካ የዕቢ! ንኣብነት፡ ኣዘውቲርካ ዝተምሃርካዮ ደጋግሞ፣ ብቋንቋ ጀርመን ዝተጽሓፉ ጋዜጣታት ኣንብብን ናይ ቋንቋ ጀርመን ተሌቪዥን ተመልከትን፣ ምስቶም ተዛረብቲ መበቆላዊ ቛንቋ ርክብ ግበር ወዘተ። ሓባራዊ ምርድዳኣት ብኹሉ መዳያት ኣገዳሲ እዩ፡ ከምኡውን ሓደስቲ ዕድላት ይኸፍት።

## ስዓትካ ምኽባር
ናይ ቆጸራ ስዓት ኣኽብር። ኣብ መንጎ ቆጸራኻ ዘጓነፈካ ነገር እንድሕር ሃልዩ ወይ ኣብ ግዜ ቆጸራ ክትበጽሕ ዘይትኽእል እንተ ኼንካ ኣቐዲምካ ነቶም ሰባት ሓብሮም።

## ተኣማንነት
ኣብ ስምምዓት እሙን ኹን። ኣብ ጉጅለ ዘሎ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ነንሕድሕዱ ክተኣማመን ክኽእል ኣለዎ።

## ብርቱዕ ተገዳስነት
ነቲ እትሰርሐሉ ኩባንያ እንታይ ክትገብር ከምእትደልይን እቲ ኽትገብሮ እትደልዮ ነገር እንታይ ምዃኑን ኣርኢ። ተበጋስነት ዘለዎም፡ ድሌት ዘለዎምን ብርቱዕ ተገዳስነት ዘለዎምን ሰባት፡ ብዝቐልጠፈ ንዕኦም ባህ ዜብል ስራሕ ናይ ምርካብ ተኽእሎ ኣለዎም።

## ሓላፍነት ዝስምዖ ምኧን
ስራሕካ ብዘለካ ዝበለጸ ፍልጠትን ክእለትን ስርሓዮ።
ጌጋታት ከጋጥም ከሎ ንጌጋኻ ተቐበልን ባዕልኻ ኣዐርዮን።
ብዘይ ስራሕ ዘዘው ምባል፡ ዘይጽቡቕ ኣመለኻኽታ ይህብ።

## ርእስኻ ምኽኣል
ብዝተኽኣለ መጠን ርእስኻ ክኢልካ ከምእትሰርሕ ሕሰብን ርእስኻ ክኢልካ ስራሕን።
እቲ ኩባንያኻ ኣባኻ ክተኣማመን ከምዝኽእል ኣርእዮ።

## ናይ ምምሃር ድሌት
ንነፍሲ ወከፍ ዕድል፡ ገለ ነገር ክትመሃረሉ ፈትን።

## ከም ጋንታ ኮይንካ ስራሕ
ኻልኦት ሓግዝ፡ ንሳቶም’ውን ክሕግዙኻ እዮም።

## ትሑት ምኳንን ክርኣዩ ዝግባእ ጠባያትን
ንዓማዊል፡ መሳርሕትን ኣስራሕትን ትሕትና ኣርኢ።
ትሑት ዓይነት መግለጺ ናይቲ ቋንቋ ተጠቐም፥ ንኣብነት እቲ ሓደ ሰብ እንድሕር ‘Du’ ዝብል እንተዘይተጠቂሙ፡ ‘Sie’ ተጠቐም።

## ትካላዊ ክእለታት
እቲ እትሰርሐሉ ቦታ ጽሩይን ጽፉፍን ጌርካ ግደፎ።

## ቀጻልነት
ስራሕካ ዋላ ንግዚኡ እንተኣጽለኣካ ሱኞ ኢልካ ቀጽሎ።
ብቐጻልነት ብምስራሕ፡ ብዙሓት ሽቶታት ኣብ ግብሪ ክውዕል ይከኣል እዩ። ፡

## ብኩራት
ምቡካር ዝፍቀድ ከቢድ ዝኾነ ህጹጽ ኩነታት ክፍጠር ኸሎ ጥራሕ እዩ።. ንዘብኮርካሉ ምኽንያት ንኣስራሒኻ ብቕልጡፍ ሓብርን መርትዖ ኣቕርብን።

## ደጋዊ ኣቀራርባ
ኹሉ ግዜ ናብ ስራሕ ብግቡእ ተኸዲንካን ማዕሪግካን ምጻእ።
ናይ ውልቂ ንጽህናኻ ከተስተውዕለሉ ይግባእ።

## ዘይርጉጽነት
ዘይተረድኣካ ሓደ ነገር ምስዝህሉ ብኽብረትካ ሕተት። ሕቶ ምሕታት፡ ክትፈልጥ ድሌት ከምዘለካ ዘርእይ እዩ፡ ከምኡውን ከጋጥም ዝኽእል ዓቢ ጸገም የድሕን።

ሞያዊ ውህደት ናይ’ቶም ኣፍልጦ ዝተውሃቦም ስደተኛታትን ግዚያዊ ተቐማጦን ዚውሃብ ፕሮግራም ደገፍ

# ናይ ስራሕ መድላዩ ቦታ




Fachstelle Integration Graubünden
Post spezialisà per l'integraziun dal Grischun
Servizio specializzato per l'integrazione dei Grigioni



Tigrinya

Grabenstrasse 1
7001 Chur

081 257 26 38

www.hallo.gr.ch
www.fluechtlinge.gr.ch



## ሽቶ (ዕላማ)

- ናይ ብቑዕ ክኢላ መሰነይታን ደገፍን ረኺብኩም፣ ብትደልይዎ ሞያ ንናይ ስራሕ ቦታ ኣመልኪትኩም ትዕወቱ
- ናይ ክሳዕ ሕጂ ዘሎ እዋን ዘጠቓልል፣ ዝተማልአ ማህደር ምልክታ ምድላይ ስራሕ ተዳልዉ
- ክመይ ጌርኩም ምልክታ ምድላይ ስራሕ ከም ትጽሕፉ ትመሃሩ

## ቅድመ ኩነታት

- ክእለት ቋንቋ ጀርመን ደረጃ A2-B1
- ብጉስን ንጡፍን ምትሕብባር ጌርካ ንምእታው ምድላው
- ከይበኾርኩም ብስርዓት ምምልላስ
- ናይ ቀረባ እዋን ታሪኽ ህይወት (CV)፣ መወከሲታት ከምኡውን ብኤለክትሮኒክ መሳርሒ (ብዩኤስቢ) ተዳልዩ ኣሎ

# ናይ ስራሕ መደላዪ ቦታ

## ትሕዝቶ

- ኣብ ኢንተርነት ናጻ ናይ ስራሕ ቦታ ምድላይ
- ኤሎክትሮኒካዊ (ናይኮምፒዩተር) ሰነዳት መድለዪ ቦታ ስራሕ ምድላው
- ብኢመይል ንናይ ስራሕ ቦታ ምምልካት
- ብመስመር ናይ ኢንተርነት ቅጺ (Online-Formular) ብምምላእ ምምልካት
- ንናይ ቃል ዝርርብ ምድላው

## ኣሰራርዓ

- ኣብ ናይ ስራሕ መድላዪ ቦታ (Bewerbungsstudio ኴንኩም ንምስራሕ) ዘኽእል ናይ ሓደስቲ ምዝገባ ብኣላይ ደለይቲ ስራሕ (Jobcoach) ናይ ክፍሊ ማሕበረ ሰባዊ ምውህሃድ (Fachstelle Integration) ኣቢሉ ይፍጸም።
- ተኻፈልቲ ኣብ ሰሰሙን ን 30 ደቓይቕ ምስ መራሕ ኮርስ ዝርርብ ከካይዱ ይሰማምዑ። ኣብኡ ንምድላይ ቦታ ስራሕ ዝሕግዝ ተግባራዊ ደገፍ ይረኽቡን፣ ንሕቶታቶም መልሲ ይወሃቦምን።
- ተኻፈልቲ ብተወሳኺ ንምድላይ ቦታ ስራሕ ተባሂሉ ኣብ ዝተመደበ ቦታ (Bewerbungsstudio) ብናይ ገዛእ ርእሶም ተበግሶ ናይ ስራሕ ምልክታ ንምጽሓፍ ክጥቀሙሉ ይኽእሉ። (ኣቐዲምኩም ፍቓድ ምሕታት የድልየኩም።)
- ዝፍጸመሉ ቦታ: SIGMAL AG, Tittwiesenstrasse 29, 7000 Chur, ካልኣይ ደርቢ

